
Tigrinya

Gewaltprävention
MiMi Mit Migranten für Migranten

# ብዘይ ጎነጽ ቆልዓ ምዕባይ ብኸመይ ይከኣል፧



ናይ ስድራቤታዊ ምኽሪ ንስደተኛታትን ሓደስቲ ዝመጹን ወለዲን

Gefördert durch:

Die Beauftragte der Bundesregierung für Migration, Flüchtlinge und Integration

Ethno-Medizinisches Zentrum e.V.

## Impressum

Gewaltfrei erziehen – wie geht das?
Ein Familienratgeber für Geflüchtete und neu zugewanderte Erziehungspersonen

**Herausgeber:**
Ethno-Medizinisches Zentrum e. V.
Königstraße 6, 30175 Hannover

**Konzeption, Inhalt, Erstellung:**
Duale Hochschule Baden-Württemberg Villingen-Schwenningen (DHBW)
– Institut für Transkulturelle Gesundheitsforschung

Ethno-Medizinisches Zentrum e. V. (EMZ e. V.)
– MiMi Integrationslabor Berlin (MiMi Lab)

**Förderung:** Beauftragte der Bundesregierung für Migration, Flüchtlinge und Integration

**Projektleitung:** Ramazan Salman (EMZ e. V.), Prof. Dr. Dr. Jan Ilhan Kizilhan (DHBW)

**Redaktion:** Ahmet Kimil, Prof. Dr. Dr. Jan Ilhan Kizilhan, Claudia Klett, Anette Metzger, Anne Rosenberg, Andreas Sauter, Ramazan Salman, Silvio Schelle, Soner Tuna, Prof. Dr. Haci-Halil Uslucan, Prof. Dr. Hans-Peter Waldhoff

**Layout und Satz:** eindruck.net, 30175 Hannover

**Illustrationen:** deanhills.com, 55130 Mainz

**Übersetzung:** Dolmetscherdienst – Ethno-Medizinisches Zentrum e. V.

Alle Rechte vorbehalten. Das Werk ist urheberrechtlich geschützt. Jede Verwendung in anderen als den gesetzlich zugelassenen Fällen bedarf deshalb der vorherigen schriftlichen Genehmigung durch den Herausgeber.

Diese Publikation können Sie jederzeit über die Webseiten „www.mimi-gegen-gewalt.de“ oder „www.mimi-bestellportal.de“ in folgenden Sprachen anfordern:
Arabisch, Bulgarisch, Dari, Deutsch, Englisch, Farsi, Französisch, Kurdisch, Paschto, Polnisch, Russisch, Serbisch/Bosnisch/Kroatisch, Somali, Spanisch, Tigrinya, Türkisch und Urdu.

1. Auflage · Stand: November 2019

# መእተዊ

ህጻናትን ትሕተ-ዕድመ መናእሰያትን ሕጉሳት ኮይኖም ክዓብዩ ይግባእ። ሓያል መንፈስን ርእሰተኣማንነትን ክሰንቁን ብቕዓቶም ከስፋሕፍሑን ድማ ኣለዎም። ህጻናት ተስፋ ጽቡቕ መጻኢ እዮም። እዚ ምኽሪ ድማ ንናይ ኣተዓባብያ ክንክን ህጻናት ኣብ ስድራቤት ዝምልከት እዩ። ክንክን ካብ ጎነጽ ንወለዲ፡ ንህጻናት ዘዕብዩ ሰባት ከምኡ ድማ ንኹላህና ዝምልከት ዕዮ ስለዝኾነ።

ኣተዓባብያ ህጻናት ብወለድን ብየዕበይቲን ከምኡ ድማ ህጻናት ብኸመይ ይዓብዩ ዝብል ዛዕባ ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ ይፈላለዩ እዮም። ከም ሓደስቲ ነባሮ እዚ ሃገር ድማ ጽቡቕ መነባብሮ ኣብ ምጥጣሕ፡ ናይ ኣተዓባብያ ኣገባባትን ንዕኡ ዝምልከቱ ሕጊታትን ክትፈልጥዎን ክትርድእዎን ኣዝዩ ኣገዳሲ ድማ እዩ።

ኣብ ምዕራፍ 1 ናይዚ ጽሑፍ እምበኣር ምልላይ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ህጻናት ኣብ ጀርመን ከምኡ ድማ ኣገደስቲ መሰላትን ሕጋዊ መስርሕታትን ተገሊጾም ንረኽቦም።

ኣብ ምዕራፍ 2 ድማ እቶም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ጎነጽ ተባሂሎም ዝጥቀሱ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ክፍጠሩ ዝኽእሉ ተዘርዚሮም ንረኽቦም። ብፍላይ ድማ ጎነጽ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ከምኡ ድማ ናይ ኩናት፡ ምምዛ ባልን ስደትን ተመክሮታት ንስነየእሙራዊ ጥዕና ህጻናት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ እዩ።

ኣብ ምዕራፍ 3 ከኣ ጎነጽ ኣብ ምዕባይ ህጻናት ምውጋድ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑን ህጻናት ብፍቕራውን ተገዳስነትን ኣተዓባብያ ከመይ ጌሮም ክሕይሉ ከም ዝኽእሉ ተጠቒሱ ንረኽቦ። ዝበዝሕ እዋን ወለዲ ወይ የዕበይቲ ህጻናት ጎነጽ ከም መቕጻዕቲ ኣተዓባብያ ሜላ ዝጥቀምሉ ኣለው። ኣብ ጀርመን ግና ካብ 2000 ዓ.ም ጀሚሩ ቆልዓ ምህራም ብሕጊ ኩልኩል እዩ።

ኣብ ምዕራፍ 4 ወለድን የዕበይቲ ህጻናትን ሕቶታት ወይ ሻቕሎት ብዛዕባ ኣተዓባብያ ምስ ዝህልዎም ንመን ክውከሱ ከም ዝኽእሉ ተሓቢሩ ንረኽቦ። ጎነጽ ኣልቦ ኣተዓባብያ ህጻናት ምስ ምሉእ ጥዕንኦም፡ ብውሑስ ኣገባብን ብፍቕርን ንኽዓብዩ ኣድላዪ ዝኾነ መስርሕ ኣተዓባብያ እዩ።



# ትሕዝቶ

1. ስድራቤትን ኣተዓባብያን ኣብ ጀርመን ........ 4

ዕላማታት ምዕባይ ህጻናትን ትሕተ-ዕድመ መናእሰያትን ኣብ ጀርመን እንታይ እዮም፧
ሕጋውያን መሰላት ናይ ህጻናትን ወለድን ኣብ ጀርመን እንታይ ይመስሉ፧

2. ገነጽ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ........ 10

ኣየኖት እዮም ዓይነታት ናይ ጎነጽ ንዕውት ኣተዓባብያ ከካብዱ ዝኽእሉ፧
ጎነጽ ኣብ ምዕባለ ሓደ ቆልዓ እንታይ ሳዕቤን ከኽትል ይኽእል፧
ስድራቤታዊ ጎነጽ ስለምንታይ ዓቢ ሳዕቤን ይህልዎ፧
ኵናት፡ ስደትን ተዘክሮታትን ከ እንታይ ሳዕቤናት ከምጽኡ ይኽእሉ፧

3. ጎነጽ ኣብ ኣተዓባብያ ........ 16

ጎነጽ ከም ናይ ኣተዓባብያ ሜላ ክንጥቀመሉ ንኽእል'ዶ፧
ልዕሊ ዓቕመይ ምስ ዝኾነኒ ዝገብሮ ምስ ጠፈኣኒ እንታይ ክገብር ይኽእል፧
ህጻናት ብናይ ኣተዓባብያ ሜላ ብኸመይ ክሕይሉ ይኽእሉ፧
ድሕሪ ምምዝባልን ስደትን ክፈልጦም ዘለኒ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ኣየኖት እዮም፧

4. ውሕስነት ህጻናት ኣብ ጀርመን ........ 19

ሓገዝ ኣበይ ክረክብ ይኽእል፧
እንታይ ሓጋዝ ክህበኒ ይኽእል፧
ናይ ህጻናትን ትሕተ-ዕድመ መናእሰያትን ትካል መዓስ ኣብ ኣተዓባብያ ኢዱ ጣልቃ ከእቱ ዝኽእል፧

መዝገበ ቃላት ........ 22

ምሩጻት ናይ ርክብ ኣድራሻታትን ናይ ሓገዝ ቀረባትን........ 24

# 1. ስድራቤትን ኣተዓባብያን ኣብ ጀርመን

ናይ ብዙሓት ተሰዲዶም ዝመጹ ስድራቤታት፡ ኣተዓባብያ ደቆም ኣብ ሃገሮም ምስ ናይ ጀርመን ኣዝዩ ዝፈላለ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ እንተደኣ ወለድን ህጻናትን ኣብ ጀርመን ዘለው ሕጋውያን መምርሒትታት ዘይፈሊጦም፡ ናብ ልዕሊ ዓቕሚ፡ ምድንጋራትን ግጭትን ከምርሕ ይኽእል እዩ።

## ዕላማታት ኣተዓባብያ ህጻናትን ትሕተ-ዕድመ መናእሰያትን ኣብ ጀርመን ኣየኖት እዮም፧

ንኣተዓባብያ ዝምልከቱ ሕቶታታ ኣብ ምዕራባውያን ሕብረተሰብን ኣብ ጀርመንን ቀንዲ ሕመረት ምድንፋዕ ቆልዓ ንውልቃዊ ብቕዓታቱን ፍሉይ ባህራያት ናይቲ ቆልዓን ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ነጥብታትን እዮም። እቲ ቆልዓ ውልድ ካብ ዝብል ኣትሒዙ ውልቃዊ ምዕባሌታት ባህርያቱን ኣካላቱን ከይትንከፍ ምሉእ መሰል ኣለዎ።
ዕዮ ናይ ወለዲ ናይ መስርሕ ኣተዓባብያን (መስርሕ ኣተዓባብያ ክበሃል እንከሎ ከም መዋእል ህጻናትን ቤት ትምህርቲን ማለት እዩ) እምበኣር፡ ኣካላዊ፡ መንፈሳዊን ስነየእሙራዊን ምዕባለ ናይቲ ቆልዓ ከም ዘድንፍዕ ምግባር እዩ።
እቲ ቆልዓ ናይ ባዕሉ ሓሳባት ከማዕብልን ከቕርብን ክኽእል ኣለዎ። እቲ ቆልዓ ናይ ባዕሉን ናይ ሕብረተሰቡን ሓላፍነት ክስከም ከም ዘለዎ ክመሃር ኣለዎ።

እቲ ዕዮታት ናይ ኣተዓባብያ ኣብ ጀርመን ንኽርደኣና፡ እቲ ናይ ዕብየት መስርሕ ናይ ህጻናት ንኽንፈልጦ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ክልተ ኩነታት ክኽፈል ይኽእል።

**ቁልዕነት**

ቁልዕነት ዝበሃል ካብ ዕለተ ትውልዲ ጀሚሩ ክሳብ ጉብዝና ዘሎ ዕድመ እዩ። ብሕጊ ጀርመን ቆልዓ ዝበሃል ክሳብ 14 ዓመት ዕድመ ዝበጽሐ እዩ።

ኣብ እዋን ቁልዕነት መጻኢ ህጻን ዝህነጸሉ እዋን እዩ። ኣብ እዋን ቁልዕነት መሰረት ናይ ኩሉ መጻኢ ይህነጽ። ስለዚ ድማ እዩ ጽቡቕን ጥዑይን ምዕባለ ሓደ ቆልዓ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ። ሓደ ቆልዓ ብቕዓትን ኣተሓሳስባ ኣብ ህጻንነቱ ምስ ዝሰርጽ፡ ምሉእ ህይወቱ ክጸልዎ ይኽእል።

ኩሎም ህጻናት፡ ኣዋልድ ይኹና ኣወዳት፡ ሃብታማት ይኹኑ ድኻታት፡ ጀርመናውያን ወይ ወጻእተኛታት ኣብ ጀርመን ካብ 6ይ ዕድሚኦም ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ምሉእ መሰልን ግቡእን ኣለዎም ። ወለዲ 'ውን ንደቆም እንተወሓደ ትሽዓተ ዓመታት ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰዱ ብሕጊ ይቕየዱ እዮም።
ንናይ ስደተኛታት ስድራቤታት ዝምልከት ካብታ ናብ ጀርመን ዝኣተውላ መዓልቲ መዓስ ደቆም ግዴታዊ ትምህርቲ ከም ዝጅምሩ ዝገልጽ ፍሉይ ናይ ግዜ ገደብ ኣለዎም። እቲ ሕጊ ግና ካብ ኣውራጃ ናብ ኣውራጃ ይፈላለ እዩ።

ቆልዑ ክከም ደረጃ ዕብየቶም ኣብ ገዛ ስራሕ ክወሃቦም ይኽእል። ነቲ ናይ ትምህርቲ እዋን፡ ናይ ዕዮ ገዛ ዝሰርሕሉ ሰዓታት፡ ሓገዝ ትምህርቲ ዝግበረሎም ምስ ዝኸውን፡ ዋላ'ውን ናይ ዕረፍቲ ንጥፈታቶም፡ ዘዕርፍሉ ግዜን ግን ብሰንኪ ናይ ገዛ ስራሓት ብስድራቤት ክሰናኸል ኣይግባእን።

ጎኒ ጎኒ ውልቃዊ ምዕባሌታትን ትምህርትን ድማ ክንክንን ውሕስነትን ሓደ ቆልዓ ኣገዳሲ እዩ። ብዙሕ ግዜ ቆልዑ ሳዕቤናትን ተኽእሎ ሓደጋን ብትኽእል ክግምግምዎ ኣይክእሉን እዮም። ብሰንኪ እዚ ድማ ካብ ዓበይቲ ንላዕሊ ብቐሊሉ ግዳይ ናይ ጎነጽ ክኾኑ ይኽእሉ።

**ብመሰረት ሕገ-ክንክን መናእሰያት ትሕተ ዕድመ ካብ ዕዮ፡ ቆልዑ ብመሰረቱ ክሰርሑ ኣይግባእን። ነኣሽቱ ሓለፋታትን ኣስታ ያትን ካብ ደቂ 13 ዕድመ እዩ ዝጅምር። ንመነባብሮ ቆልዑ ወለዲ ምሉእ ሓላፍነት ይወስዱ። ኣድላይነት ምስ ዝህሉ ድማ መንግስቲ ሓገዝ ክገብር ይኽእል።**

## ትሕተ-ዕድመ መናእሰያት

ብመሰረት ሕጊ ጀርመን ትሕተ-ዕድመ መንእሰይ (ኮተቴ) ዝበሃል ካብ 14 ዓመት ክሳብ 18 ዘሎ እዩ። ኣብዚ ዕድመ ድማ ካብ ቆልዕና ናብ መንእሰያት ዝቕየርሉ እዋን እዩ። ኣብዚ እዋን ድማ ናይ ኣካላውን ስነየእምራውን ምቅይያር ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ጉዳይ እዩ።

ትሕተ-ዕድመ መናእሰያት ኣብ ቤት ትምህርቲ እቲ መሰረታዊ ፍልጠት ንናይ ዕለታዊ ሂወቶምን ናይ መጻኢ ሞዮኦምን የዕሙቑ። ኣብዚ እዋን ድማ ከም ልሙድ ናይ መጻኢ ሞያን ወይ ድማ ምጅማር ስልጠና ይጅመር።

ኣብ ብዙሓት ኣውራጃታት ጀርመን መናእሰያት ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ወይ ናይ ሞያ ቤት ትምህርቲ ክሳብ 18 ዕድሚኦም ዝበጽሑ ክመሃሩ መሰልን ግቡእን ኣለዎም። ምርጫ ሞያ ዝምልከት ወለዲ ንደቆም ከማኽርዎም ይኽእሉ ደኣ'ምበር ኣክንደኦም ኮይኖም ክውስኑ ኣይግባእን። ጎራዙ'ውን ልክዕ ከም ኮተቴ ማዕረ ዝኾነ ናይ ስራሕ መሰል ምርጫ ኣለወን።

ርክብ ምስ መዛኖም ኣብ ንእስነት ኣገዳሲ እዩ። ብዙሕ ግዜ ፈልማዊ ናይ ፍቕሪ ርክባት ይጅመር እዚ ድማ ንዝምድናዊ ምጽማድን ንናይ መጻኢ ምምስራት ስድራቤትን ምድላዋት ክበሃል ይከኣል።

ምትንኻፍን ስጋዊ ርክብን ኣብ መንጎ ተመሳሰልቲ ዕድመ ብሕጊ ፍቑድ እዩ። ምሉእ ዕድመ ዝበሃል ኣብ ጀርመን ካብ 18 ዕድመ ንላዕሊ እዩ። ስጋዊ ርክብ ኣብ መንጎ ምልእ ዕድመ ዘለዎምን ትሕቲ 14 ዕድመ ዘለዎምን ኣብዚ ሃገር ብሕጊ ኩልኩል ኮይኑ ብገበን የቕጽዕ። እዚ ድማ ዋላ'ውን እቲ/እታ ህጻን ፍቓደኛ ምዝ ዝኸውን ወይ ትኸውን እዩ። ኣብ <u>መጽሓፍ ሕገ-ገበናት*</u> ድማ እዚ ብ „Sexueller Missbrauch“ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ይፍቋሕ (ዓንቀጽ 176 እዝባር 1)።

ብህዝባዊ ሕገ-መጽሓፍ ሃገረ ጀርመን፡ ሰብ መርዓ ክገብር ዝኽእል ካብ 18 ዕድመ ንላዕሊ እዩ (ዓንቀጽ 1303)። መጽሓፍ ሕገ-ገበን ድማ፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ዕድሚኡ/ኣ ብዘየገደስ፡ ብምፍርራህ ኮነ ብሓይሊ ንሓዳር ክግደድ ከምዘይብሉ ኣስሚሩሉ ኣሎ። ከምዚ ምስ ዝግበር ብከቢድ ግህሰት ገበነን ይረአ (ዓንቀጽ 237)።

ህጻናት ጉብዝና ኣብ ዝስመዖም ካብ ስድራቤቶም ርሕቀት እንዳዕበዩ ክኸዱ ልሙድ ነገር እዩ። እዚ ድማ ናይ ሓሳባት ፍልልያትን ግጭትን ኣብ መንጎ ወለድን ደቆምን ክፈጥር ይኽእል። እዚ ግጭት ግን ውላድ ናይ ባዕሉ ባህርያት ከም ዝፈጠረ ዘርእን ናይ ባዕሉ ሓላፍነት ክወስድ ከም ዝደሊ ዘርኢ ጠባያት እዩ። ስለዚ ዕዮ ናይ ወለዲ ኣብዚ፡ መናእሰያት መታን ብግቡእ ክዓብዩ፡ ምክትታልን ዕድሚኦም ዘፍቅዶ ነጻነትን መሰል ምዝራብን ምሃብ እዩ።

Bitte ändern in:
Die Glossarbegriffe sind im Text <u>unterstrichen</u>

<u>* 1 እቶም ኣስማት ናይ መዝገበቃላት ብለዋይ ኣጸሓሕፉ ይግለጹ</u>

ንወለዲ ኣብዚ ዕድመ ብዙሕ ሕቶታትን ሻቕሎትን ኣብ ኣተዓባብያ፡ ኣፈታትሓ ግጭትን ዶባት ኣብ ምሕጻጽን ይገብሮም እዩ። እዞም ሕቶታትን ሻቕሎትን ብነጻን ከከም ኣድላይነቱ ድማ ብስቱር ምስ ክኢላታት ኣማኸርቲ ኣተዓባብያ ወይ ድማ ብተሌፎን ክምለሰሎም ይከኣል።


> ”ህጻናት ነኣሽቱ ምስ ዝኾኑ፡ ሱር ኣብ ምትካል ክንሕግዞም ኣለና። ምስ ዝዓብዩ ድማ መንገብገብ ክነወፍየሎም ኣሎና።”
> (ናይ ህንዳውያን ምስላ)

## ስንክልና ዘለዎም ህጻናት

ስንክልና ዘለዎም ሰባት ልክዕ ከምቶም ስንክልና ዘይብሎም ብዝተኻእለ መጠን ኣካላዊ፡ መንፈሳዊን ስነየእምራውን ምዕባለታት ክገብሩ ምሉእ መሰል ኣለዎም። ብዝተኻእለ መጠን ድማ ናይ ባዕሎም ውሳኔ ክገብሩ ይፍቀዶም እዩ። ብዘይ መኽልፎ ድማ ኣብ ሕብረተሰብ (ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ወይ ስልጠና) ክሳተፉ ይግባእ። እዚ ግና ዘበዝሐ እዋን ናይ ኣተዓባብያ ጥበብን ትምህርትን ኣብ ልዕሊኡ ድማ ጥቡቕ ርክብ ህጻንን ወለድን ዝጠልብ እዩ።

ስንክንልና ዘበሃል፡

- ንምንቅስቓስ ወይ ስምዒታት (ምርኣይ ወይ ምስማዕ) ዘጓድሉ ኣካላዊ ጉድለት ኮይኖም ብሰንኪ እዚ ድማ ምንቅስቓስ ወይ ርክባት ዘካብዱ እዮም።
- ስነየእሙራዊ ጥዕና ሓደ ህጻን ቀጻሊ ዝተዳኸመ፡ ንኣብነት ብሰንኪ ናይ ስነየእምሮ ሕማም። እዚ ድማ ብገለ ገለ ምልክታትን ከም ንነዊሕ እዋን ልዕሊ መጠን ቁጥዐን ዋዒን ወይ ድማ ብሓዘን ካብ ሰብ ዝፍለዩ ምስ ዝኾኑ ክፍለጥ ይከኣል። ብሰንኪ እዚ ስንክልና ድማ እቶም ህጻናት ምስ ሰብ ክራኸቡ ወይ ድማ ኣብ መዋእል ህጻናት ኮነ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ መሳቶም ከይማሓዝው ዕንቅፋት ይኾኖም።
- ብሰንኪ ድኽመታት ንቕሓት ከኣ ተኽእሎታት ናይ ምስትውዓል ፡ ምምሃር፡ ምርዳእ ወይ ምርድዳእ ድኹም ክኸውን ይኽእል።



ንወለዲ ስንኩል ህጻን ብዙሕ ግዜ ሕቶታትን ስክፍ ታታትን ክፈጥረሎም ይኽእል እዩ። ገለ ካብኡ ኣተሓሕዛ እቲ ህጻን፡ ኣተዓባብያን ናይ ሓገዛት ተኽእሎ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዘኣመስሉ እዮም። ንዕኡ ዝበቅዕ መዋእለ-ህጻናት ኣብ ምርካብ፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ምቹእ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ንኽርከብ ከበድቲ እዮም። ዋላ'ውን ዘይተቐባልነት ወይ ኣግላልነት እቲ ህጻን ብገለ ኣባላት እታ ስድራ ወይ ብሕብረተሰብ ከቢድ ተጽዕኖ ንወለዲ ክኸውን ይኽእል።

ብሰንኪ ስንልና ህጻናት ከይንጸሉ ዝተፈላለዩ ብሕጊ ዝጸደቑ ናይ ሓገዝን ድጋፍን ቐረባት ኣብ ጀርመን ኣለው። ገለ ካብኡ ፍሉይ መዋእለ-ህጻናት፡ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ናብ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ንኽመጹ ዘቃልሉ ናይ ስንኩላት ቐረባት ኣለው። እዚ ድማ ብናይ ውልቂ ኣድላይነት ናይቲ ህጻንን ስድራቤትን ዝተሞርኮሰ እዩ።

ተወሰኽቲ ናይ ሓገዝ ቀረባት ንዕለታዊ ሂወት ንስድ ራቤት ኣብ „Familienunterstützenden Dienst“ ከምኡ ድማ „Familienentlastenden Dienst” ክርከብ ይከኣል። እዞም ትካላት ንወለዲን የሕዋትን ከምኡ ድማ ንስንክልና ዘለዎ ህጻን ኣገልግሎት ዝህቡ እዮም። ወለዲ ድማ ክሳብ ክንደይ ሓገዝ ክረኽቡ ከም ዝደልዩ ባዕሎም ይውስኑ። ሓላፍነት ናይ ኣላይ ነትን ምዕባይን ግና ኣብ ወለዲ ጥራይ'ዩ።

**ሓደ ኣገዳሲ ፈልማይ መበገሲ** ወለዲ ስንክልና ዘለዎም ህጻናት ናይ ህጻናት ሓኻይም እዮም። ንሳቶም ድማ ናብ ፍሉይ ሕክምና (SPZ) ከመሓላ ልፍኹም ይኽእሉ። ኣብኡ ከኣ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕክምናታት ከም እኒ ዝተፈላለዩ መርመራታትን ምኽሪ ንወለደን ብዛዕባ ኩሉ ዓይነት ሓገዛትን ናይ ድጋፍ ተኽእሎታትን ይርከብ። ዋላ'ውን ኣለይቲ ኣብ መዋእለ-ህጻናት፡ መምህር ኣብ ቤት ትምርህቲ ወይ ድማ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ሓባራዊ መንበሪ ብዛዕባ እዞም ሕቶታት መልሲ ክህቡ ይኽእሉ።

ናይ ምርድዳእ ጸገማት ምስ ዝህሉ ኣተርጓሚት ወይ ኣቶርጓሚ ክግበር ይከኣል'ዩ። ብገለ ቋንቋታት ድማ ናይ ሓበሬታ መጻሕፍቲ ብዛዕባ ናይ ሓገዝ ቀረባት ንስንክልና ዘለዎም ህጻናት ዝተተርጎመ ኣሎ። ኣብ ገለ ከተማታት ድማ ንሓድሕዶም ዝተሓጋገዝሉ ብስደተ ኛታት ስድራቤታት ስንክልና ዘለዎም ህጻናት ዝመስ ረትዎ ናይ ድጋፍ ትካላት ይርከብ እዩ።

ነዞም ዝተጠቐሱ ሓገዛት ምቕባል ኣብ ናይ መንበሪ ወረቐት መስርሕ ወይ ሓተታ ዑቕባ ዝኾነ ዓይነት ኣሉታዊ ሳዕቤናት የብሉን። ስንክልና ዘለዎም ህጻናት በንጻሩ ዝለዓለ ናይ ምውሓስ ዕድላት ኣለዎም። ኣብዚ ''መንበሪ ፍቓድ ንግዝያዊ ውሕስነት'' (ዓንቀጽ 24 እዝባር 1) እንተኾነ'ውን ኩሉ ዘድሊ ሕክምናዊ ረዲኤትን ካልኦት ድጋፍን ክግበረሎም ኣብቲ ሕገ-ዑቕባ እዛ ሃገር ሰፊሩ ይርከብ (ዓንቀጽ 6 እዝባር 2)።

## ኣብ ጀርመን ዘለው ሕጋውያን መሰላት ህጻናትን ወለድን ኣየኖት እዮም፧

ኣተዓባብያን ርክባት ኣብ መንጎ ወለድን ቆልዑን ኣብ ጀርመን ብዝተፈላለየ ሕግታት ዝተቐየደ እዩ፡

### ኣብ ቅዋም (GG)

ኣብ ጀርመን ዝነብሩ ህጻናት ውልድ ካብ ዝብሉ ኣትሒዞም ማዕረ ዓበይቲ መሰል ኣለዎም። እዚ ድማ ኣም ቅዋም ጀርመን ከም ሕጊ ሰፊሩ ይርከብ።
markieren: Grundgesetz

ኣገደስቲ መሰረታውያን መሰላት ኣብ ቅዋም ዘለው፡

- ክብሪ ወዲሰብ ዘይትንከፍ እዩ። ኩሉ መንግስታዊ ሓይሊ ድማ ነዚ ከኽብሮን ከውሕሶን ምሉእ ሓላፍነት ይወስድ። (ዓንቀጽ 1 እዝባር 1)
- ነፍስወከፍ ሰብ ባህርያቱ ክገልጽን ክርእን ክሳብ መሰል ካልኦት ዘይገሃሰን ሕጊን ቅዋምን ዘይጠሓሰ፡ ምሉእ መሰል ይህልዎ። (ዓንቀጽ 2 እዝባር 1)
- ነፍስወከፍ ሰብ ኣብ ኣካላቱ ዝኾነ ግህሰት ከይገ በረሉ ምሉእ መሰል ኣለዎ። ነጻነት ወዲሰብ ክትንከፍ ዘይግበኦ እዩ። እዚ መሰል እዚ ድማ ብሕጋዊ ምኽንያት ጥራይ ክትንከፍ ይግባእ። (ዓንቀጽ 2 እዝባር 2)

ህጻናት ካብ ዝውለዱ እዋን ኣትሒዞም ምሉኣት ሰባት ምስ ምሉእ መሰሎምን ግቡኦምን እዮም። ወለዲ ድማ ናይ ኣላይነት ሓላፍነት ብምውሳድ ህጻናት ነብሶም ኣብ ምኽኣል ይሕግዙ። እዚ መሰልን ግቡእ ነትን ወለዲ ድማ ክሳብ 18 ዓመት፡ ማለት ክሳብ ሕጋዊ ልዕለ-ዕድመ ዝኾኑሉ ክኣልይዎምን ከዕብይ ዎምን ይምልከት (ዓንቀጽ 6 እዛብር 2 GG)። እቲ ኣላይነትን ኣተዓባብያን ድማ ኣወንታዊ ምዕባለ ህጻን ዝኣንፈተ ክኸውን ይግባእ።

### ዋዕላ መሰል ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት

ኣህጉራዊ መሰል ንህጻናት ክሳብ 18 ዕድመ ኣብ ዋዕላ መሰል ህጻናት ሕቡራት ሃገራት ተወቒሩ ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ ጀርመን ካብ 1992 ጀሚሩ ብሰለስተ ጽፍሒ የገልግል፡

- መሰል ምሕብሓብ፡ እዚ ንኣብነት መሰል ምሉእ ጥዕናዊ ክንክን፡ ትምህርቲ፡ ግቡእ መነባብሮ ዝሓቖፈ እዩ።
- መሰል ባህላዊ፡ ሓበሬታን ተሳትፎን፡ ኣብዚ ድማ ከም ኣብነት መሰል ርእይቶኻ ምግላጽ፡ መሰል ውሕስነት ውልቃዊ ጉዳይ ወይ ድማ መሰል ነጻ ግዜ ምርካብ እዮም።
- መሰል ክንክን፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ኣርእስቲ ከም፡ ህጻናት ኣካላቶም ኮነ የእምርኦም ከይትንከፉ መሰል ኣለዎም። ብስጋዊ ርክብ ከይዕመጹ/ጻ ከምኡ ድማ ቁጠባዊን ስጋ ርክባዊን ዝረፋ ከየጋጥሞም ዘውሕስ መሰል እዩ።

## ናይ ስድራቤት ሕጊ ኣብ መጽሓፍ ሕገ-ህዝቢ (BGB)

ሃገራዊ ሕጊ ንመሰልን ግቡእነትን ስድራቤት ኣብ ህጻናት ደቆም ዝምልከት ኣብ ናይ ስድራቤት ሕጊ መጽሓፍ ሕገ-ህዝቢ ሰፊሩ ንረኽቦ። በዚ መሰረት ህላወ ሓደ ሰብ ኣብ ስድራቤት ጥራይ ዝምርኮስ ዘይኮነስ ዋላ'ውን ብመንግስታዊ ድጋፍ ዝወሓስ እዩ። ወለዲ እቶም ቀንዲ ወከልቲ ናይ ደቆም እዮም ዝረኣዩ። ብሕጊ መሰረት'ውን ህጻን ብጽቡቕ ክዓቢ በይኖም ሓላፍነት ይወስዱ።

markieren: Bürgerliches Gesetzbuch

ኣገደስቲ ሕግታት ኣብ መጽሓፍ ሕገ-ህዝቢ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ወለዲ ንትሕቲ ዕድመ ውላዶም ክኣልዩ ብሕጊ ይግደዱ (ዓንቀጽ 1626 እዝባር 1)። እዚ ድማ ብድምር "መሰልን ግቡእን ውላዶም ክኣልዩን ክዕብዩን፡ ክከናኸኑን ውላዶም ዝነብረሉ ቦታ ክውስኑን" ዘፍቅድን ዝቖይድን እዩ(ዓንቀጽ 1631 እዝባር 1)።
- ናይ ወለዲ ሕጋዊ ሓላፍነት ብክልቲኦም ወለዲ ሓድሕዳዊ ስምምዕን ንጥቕምን ጽቡቕን እቲ ህጻን ክኸውን ኣለዎ (ዓንቀጽ 1627)። ኣቦታትን ኣዴታትን ሓደ ሓላፍነት ኣለዎም ከምኡ'ውን ማዕረ ናይ ምዝራብ ኣብ ውሳኔ ምውሳድ ኣለዎም።
- "እቲ እንዳ ዓበየ ዝኸይድ ክእለትን እንዳ ዓበየ ዝኸይድ ድሌታት ናይ ርእሰ ምርኮሳን ሓላፍ ነታዊ ትግባረ ሓደ ቆልዓ" ብወለዲ ብዕቱብ ክረኣዩ ይግባእ። ሕቶታት ናይ ወለዲ ሓላፍነት ከከም ዕድመ ህጻን ክመያየጥሉን ብዝተኻእለ መጠን ድማ ሓቢርም ምስ ህጻን ክውሰኑን ይግባእ (ዓንቀጽ 1626 እዝባር 2)።



**ኣገዳሲ፡** "ህጻናት ብዘይ ጎነጽ ክዓብዩ መሰል ኣለዎም። ኣካላዊ መቕጻዕቲን፡ ስነየእሙራዊ ማህሰ ይቲን ካልኦት ደቖስቲ ስጉምትታትን ፍቑዳት ኣይኮኑን" (ዓንቀጽ 1631 እዝባር 2)። ወለዲ ንህጻን ብውሑስ ኣካላዊ ኣተሓሕዛ ክገብሩ ይኽእሉ። ንኣብነት ካብ ሓደጋ ንምእላይ የእዳው ኣትሪሮም ክሕዙ ይኽእሉ። ዝኾነ ዓይነት ጎነጽ፡ ብፍላይ ድማ ኣካላዊ ማህረምቲ ከም ሜላ ምዕባይ ዝጥቀሙ ግና ገበን ከም ምዃኑ መጠን ክሳብ ክሲ ክምስረተሎም ይኽእል እዩ።

## መጽሓፍ ሕገ-ገበናት (STGB)

ኩሉ ዓይነት ተግባራትን ትእዛዛትን ወለዲ ወይ ካልኦት ዝምልከቶም ኣካል ንህጻናት ዘባሳጨን ወይ ብጥሪኡ ዘሳቕን ምስ ዝኸውን ብመሰረት መጽሓፍ ሕገ-ገበናት "ግህሰት ንክንክን ዝግበኦም" ገበን ኮይኑ ይርከብ (ዓንቀጽ 225)። ዋላ'ውን ብግቡእ ዘይም ክትታል/ዘይምቕላብ ህጻን ሸለልታ ወይ ጥዕናዊ ጉድኣት ሓደ ህጻን'ውን ኣብዚ ዓንቀጽ ከም ገበን ይረኣዩ።

# 2. ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ህጻናት

ኩሎም ህጻናት ኣብ መላእ ዓለም ካብ ጎነጽ ክውሕሱ ይግባእ። ይኹን ደኣምበር ክሳብ ሕጂ ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ኣይጠፈኣን። እዚ ጎነጽ ድማ መብዝሕትኡ እዋን በቶም እቶም ህጻናት ዝኣምንዎምን ኣብ ሕቘፎም ዝቕመጡን ወለዲ ወይ ቤተሰብ እዩ ዝፍጸም። ነብሶም ክከላኸሉ ብዙሕ ዘይክእሉ ስንክልና ዘለዎም ህጻናት ድማ ብዝያዳ ነዚ ጎነጽ ዝተጠቕዑ እዮም።

## ኣየኖት ዓይነት ጎነጻት እዮም ኣብ ኣተዓባብያ ሓደ ህጻን ጸገም ዝፈጥሩ፧

ዓይነታት ናይ ጎነጽ ኣዝዮም ዝተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

**ኣካላዊ ጎነጽ**

ኣላካሊ ጎነጽ ዝበሃሉ ኩሉ ዓይነት ኣካላዊ ማህረምቲ ንሓደ ህጻን፡ ክብደቱ ኮነ ዝረአን ዘይረአን በሰላ ይሃልዎ ብዘየገድስ፡ ኣካላዊ ጎነጽ ተባሂሎም ይጽውዑ።

ንኣብነት፡

- ምቕጥቃጥ፡ ምቕንጣው፡ ምቕላዕ፡ ምድፋእ ወይ ምሕናቕ
- ብንብረት ተጠቒምካ ምህራም ወይ ምጉዳእ፡ ንኣብነት ብ ኣስኮፓ፡ ቁልፊ ወይ ስባር ጥርሙዝ
- ምንውናው ንኣሽቱ ማማያት
- ውዑይ ማይ ምድፋእ ወይ ብውዑይ ነገራት ምንዳድ
- ስሚ ምሃብ

**መንፈሳዊ ድህለት**

መንፈሳዊ ድህለት ክበሃል ከሎ ብቐጥታ ኣካላዊ ማህሰይቲ ዘይኮነስ መንፈስ ህጻን፡ ርእሰተክብ ረትን መንነትን ህጻን ምድቋስ ማለት እዩ። እዚ ድማ ብቓላት፡ ብምልክታት ወይ ተግባራት ክፍጸም ይከኣል።
ብሰንኪ መንፈሳዊ ድህለት እቲ ህጻን ብኣሉታውያን ስምዒታት ይሳቐ። ዋላ'ውን ሳዕቤናት መንፈሳዊ ጎነጽ ይረኣዩ እንተዘይኮኑ፡ ህጻናት ግና ብሰንኩ ኣብ ዝዓበዩሉ እዋን ኣዝዩ ሕማቕ ጉድኣት ክፈጥረሎም ይኽእል።

መንፈሳዊ ድህለት ኣዝዩ ዝውቱር ዝኾነ ዓነይት ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ህጻናት እዩ። ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣተዓባብያ ዝዝውተር ኮይኑ፡ መብዝሕትኡ እዋን ካብ ናይ ኣተዓ ባብያ ልዕሊ ዓቕሚ ክብደት ዝነቅል እዩ።

ኣብነታት፡

- ምጭዳር
- ሕቶታት ህጻን ከቲትካዮም ምሕላፍ፡ ናይ ንዕቀት ኣጠማምታ ወይ ኮነ ኢልካ ናብ ካልእ ምጥማት
- ምርጋፕ፡ ንኣብነት ኣብ ክፍሊ
- ምፍርራህ ከም፡ "ሕጂ ስቕ እንተዘይኢልካ ኣብኣ ትረኽባ። ካልኣይ ግዜ እንተደጊምካ ከጥፍኣካ እየ። ሕንቕ ፈንጠር ከብለካ እየ።"
- ምትሓት ወይ ምድሃል ከም፡ "ኣይፈተወካን'የ፡ ጥፉእ ካብዚ ጥቓይ። ወላሓንቲ ጥቕሚ የብልካን! ኣነስ ኣምላኽ እንታይ'የ በዲለዮ ከማኻ ዓይነት ቆልዓ ዝህበኒ?"
- ተሰካሚ ጉድለት ምግባር ከም፡ "ብሰንክኻ እየ ከምዚ ኮይነ። ስነስርዓት ግበር! ብሰንክኻ ክሓምም ኣይኮንኩን ኣነ። ንስኻ እንተዘይትውለድ ምሓሸኒ ነይሩ።"

## ጾታዊ ዓመጽ

ጾታዊ ዓመጽ ክበሃል እንከሎ ኩሉ ዓይነት ንናይ ስጋዊ ርክብ ፍቓድ ዝግህስ፡ ወይ ድማ ብዘይ ድሌት ምግዳድ ማለአ እዩ።
ስጋዊ ርክብ ኣብ መንጎ ወላዲ ወይ ካልኦት ህጻናት ብሓላፍነት ዘዕብዩ፡ ምስ ህጻን ወይ ኣብ ቅድሚ ህጻን ብመሰረቱ ኩልኩል እዩ ጥራይ ዘይኮነስ የቕጽዕ 'ውን። እዚ ገበን፡ እዚ ዋላ ውን እቲ ህጻን ፍቓደኛ ምስ ዝኸውን ወይ ምስ ዘይቃወም'ውን እዩ።
ጾታዊ ዓመጽ ክሳብ ዘይሓዊ ኣካላውን ስነየእሙ ራውን ሕማማት ዘስዕብ ከቢድ ሳዕቤን ኣለዎ።

ገለ ኣብነታት ዓመጽ ስጋዊ ርክብ፡

- ንስምዒት ምርዋይ፡ ኣብ መሕፈሪት ጓል ኣንስተይቲ ምትንካፍ፡ ኣብ ኣጥባት ወይ መቐመጫ ምሓዝ
- ስእሊ ወይ ቪድዮ ቃልዕ ክዳን ህጻን ምግባር
- ንሓደ ህጻን ናይ ስምዒት ኣካልት ናይ ሓደ ልዕሊ ዕድመ ሰብ ክትንክፎ ወይ ክርእዮ ምስግዳድ
- ብመትሎ፡ ኣጻብዕቲ፡ መልሓስ ወይ ዝኾነ ንብረት ጌርካ ኣብ ኣካላት ህጻን ምእታው (ምግሳስ)
- ንሓንቲ ህጻን ምስ ካልኦት ሰባት ስጋዊ ርክብ ክገብሩ ምግዳድ

## ሸለልትነት

ሸለልትነት ዘይቀጥታዊ ዓይነት ምግሃስ ሓደ ህጻን እዩ። ወለዲ ከምቲ ዝድለ ወይ ብግቡእ ህጻኖም ዘይከታተሉ ምስ ዝኾኑ ማለት እዩ። መሰረታውያን ዝኾኑ ጠለባት ህጻን ንነዊሕ እዋን ብተደጋጋሚ ምስ ዘይማልኡ፡ ጉድኣት ኣብ ልዕሊ ህጻን ይፈጥር። ሸለል ትነት ጥርዙ ምስ ዝዓርግ ድማ ክሳብ ሞት ህጻን ከጋጥም ይኽእል። ንኣብነት ብሰንኪ ጥምየት ወይ ጽምኢ።

ኣብነታት፡

- እኹል ቀለብ ማኣዛታት ዝሓዘለ ምግቢ ምስ ዝጎድል፡ ብግቡእ ጽሬት ምስ ዘይማላእ፡ ሰኣን ምክትታል ኣብ ሓደጋ ምስ ዝኣቱ።
- ፍቕሪን ክንክንን ክንፈግ እንከሎ። ምጡን ዝኾነ ዶባት ምስ ዘይረኣዩ። ንኣብነት ሓደ ህጻን ንነዊሕ ሰዓታት ቲቪ ክርኢ ወይ ጌይም ክጻወት ስቕ ኢልካ ምት ትዕዘብ። ሓደጋታት ዘይምሕባር፡ ዕጸፋርስ ምጥቃም ወይ ገበን ምስ ዝፍጸም ብሸለልታ ምስ ዝረአይ።
- ግቡእ ናይ ሕክምና ክንክንን ኣድላዪ ሕክምናታትን ሓደ ህጻን ምስ ዘይማላእ።
- ምክትታል ትምህርቲን ዕዮገዛን ምስ ዝገንን። ብኩራት ትምህርቲ ምስ ዝድገፍ ወይ ብሸለልትነት ምስ ዝረኣይ።

## ጎነጽ ንዕብየት ሓደ ህጻን እንታይ ሳዕቤናት ክገድፈሎም ይኽእል፧

**ቀጥታዊ ግብረ-መልሲ ጎነጽ ናይ ሓደ ህጻን ክኾኑ ዝኽእሉ፥**

- ስንባደ፡ ቀውታ፡ ዕቡስ ኣፍ
- ፍርሂ፡ ሸቐልቀል፡ ኣውያት
- ነዊሕ ብኽያት
- ልግብግብ ምባል
- ምክልኻል፡ ንኹሉ ምህራም፡ ምሕባእ
- ምድንጋር

**ናይ ማእከላይን ነዊሕን ሳዕቤናት ክኾኑ ዝኽእሉ፥**

- ምድሕርሓር፡ ተነጽሎ
- ናይ እምነትን ውሽጣዊ ምትእምማንን ክሳራ
- ድሌት ኣልቦ፡ ንምጽዋት ቅጭ ይመጾም
- ናይ ጭንቀት ስምዒታት
- ከቢድ ፍርሂ
- ናብ ኣደ ወይ ኣላዪ ጥብቕ ምባል
- ናይ ሕፍረት ምዕባለ፡ ናይ ዕብየት ዕንቅፋታት
- ናብ ናይ ቀደም ጠባይ ምምላስ፡ ንኣብነት ኣብ ስሪኦም ምሻን ወይ ቋንቋ ናይ ማማይ ምዝራብ
- ናይ ድቃስ ሕጽረታት፡ ሕምቀት ኣብ ትምህርቲ፡ ናይ ኣቓልቦ ምግባር ጸገማት
- ምትሓት ነብሰ-ክብረት፡ ምትሓት ርእሰ-ተኣማንነት
- ናይ ጎነጽ ባህርያት፡ ልዑል ነድሪ
- ነብስኻ ምዕናው ባህርያት፡ ንኣብነት መግቢ ዘይም ብላዕ፡ ዕጸፋርስ ምጥቃም፡ ምትካኽ ሽጋራ
- ነብስኻ ምጉዳእ፡ ናይ ነብሰ-ቕትለት ሓደጋ

**ከጋጥሙ ዝኽእሉ ናይ ነዊሕ እዋን ሳዕቤንን ቀጻሊ ጉድኣትን፥**

- ከቢድ ኣካላዊ ስቓይ፡ ንኣብነት ናይ ርእሲ፡ ከብዲ ወይ ሕቖ ቃንዛ
- ኣወንታዊ ስምዒታት ሂወት ይጠፍኡ
- ጸታኻ ምጽላእ (መብዝሕትኡ ግዜ ከም ውጽኢት ተመክሮ ጾታዊ ዓመጽ)
- ነብሰ ጽልኣት
- ምንጻግ ማሕበራዊ ርክባት፡ ፍርሂ ንዝምድና
- ኣሉታዊ ናይ ዝምድና ተመክሮ ምድግጋም
- ንዘጋጠመ ምቕባልን ኣሉ ምባልን
- ናይ ነብሰቕትለት ሓሳባት፡ ሓደጋ ነብሰ ቅትለት

**ብፍላይ ኣብ ጾታ ዘጋጥም ሳዕቤናት፥**

ብኣዋልድ ዝረአ ሳዕቤን ናብ ውሽጠን ዝሓብእ ተርእዮ ይረአ ከም፥

- ዘይርግጸኛ ምዃን
- ምድሕርሓር
- ነብሰ ሃስያ፡ ነብስኻ ምጉዳእ
- ፍርሂ
- ርክባት ምውጋድ

ብኣወዳት ዝረአ ሳዕቤን ዝበዝሕ እዋን ናብ ግዳም ዝተፍእ ባህርያት ይረአ ከም፥

- ጎነጽ ምቕባል
- ናይ ምድንዳን ባህርያት
- ምንእኣስን ምንዓቕን ኣዋልድን ደቀንስትዮን
- ንስጋዊ ዓመጽ ዝገልጽ ብጸርፍን ግብርን
- ነድሪ ዘለዎ ቁጥዐ
- ናይ ጎነጽን ምፍርራህን ባህርያት

ዘይከም ዓበይቲ ህጻናት ኣብ ናይ ምዕባለ መስርሕ ይርከቡ። እቲ ህጻን ጎነጽ ምስ ዝሙኮር፡ ዘይወጽእ በሰላ ኣካላውን ስነየእሙራውን ባህርያውን ንመላእ ዕድሜኡ ክፈጥረሉ ይኽእል።

## ስለምንታይ'ዩ ናይ ስድራቤት ጎነጽ ፍሉይ ሳዕቤናት ዘለዎ፧

ስድራቤት ንሓደ ህጻን ውሕስነት ዝስመዖ መዑቆቢኡ ቦታ እዩ። እቲ ህጻን ጎነጽ ብስድራቤቱ ምስ ዝሙኮር፡ እቲ ናይ ውሕስነት ስምዒቱ ይጠፍእ። በንጻሩ እኳ ደአ ምንጻግን ጎነጽን ኣብ ስድራቤት ኣብ መንጎ ዝቐርቡኻ ሰባት ንቡር ምዃኑ እዮም ዝመሃሩ። ወለድን ቤተሰብን ምስሊ ናይዛ ዓለምና ብኸመይ ትርእዮ እዮም ንሓደ ህጻን ዘንጸባርቑ። ምንጻግን ጎነጽን ድማ ሓደ ህጻን ንዓለምና ከምዘየድላያ እዩ ዝመሃርር። እዚ ድማ ህጻናት ካብ ካልኦት ሰባት ፍቕርን ኣኽብሮትን ከምዘይጽበዩ እዩ ዝምህሮም። በዚ መሰረት ድማ ንኹሉ ነገር ብጥርጣረን ዘይተቐባልነትን ጥራይ ይርእይዎ።

ብሰንኪ ናይ ስድራቤት ጎነጽ ህጻናት ኣብ ዓቢ ናይ ስነየእምሮ ጸገማት ክኣትዉ ይኽእሉ። ካብቶም ከም ጽግዕተኛ ኮይኖም ዝነብሩሎም ኣገደስቲ ሰባት ብቐሊሉ ክርሕቁ ዝከኣል ኣይኮነን። ሓደ ሓደ እዋን እቶም ወለዲ ድሕሪ ምጥቃም ጎነጽ ቀልጢፎም ፈቃራትን ሓብሓብትን ተቐይሮም ይቐርብዎም። እዚ ግና ንሓደ ህጻን የደናግሮን ሕንፍሽፍሽ ናይ ስሚዒታትን እዩ ዝፈጥረሉ። ህጻናት ንነብሶም በደልቲ ገይሮም ስለዝቑጽርዋ፡ ክሳብ ነብሶም ዝጸልኡ ክኾኑ ይኽእሉ።

ብዙሓት ህጻናት ወለዶም ክፈላለዩ ስለዘይደልዩ፡ ንዝጓንፎም ጎነጽ ብስቕታ ይጾርዎ። ወይ'ውን ንኻልእ ሰብ ከይዛረቡ ብወለዶም ጸቕጢ ይግበረሎም እዩ።

### ህጻናት ከም ተዓዛብቲ ዘቤታዊ ጎነጽ

ሓደ ፍሉይ ኣገባብ መንፈሳዊ ዓመጽ ህጻናት ክጥቀስ ዝከኣል፡ እንተደኣ ኣብ መንጎ ወለዲ ጎነጽ ዝፍጸም ኮይኑ እዩ። ህጻናት ዋላ'ኳ ማህረምቲ፡ ጸርፍታትን ዓመጽን ብቐጥታ ናብኦም ኣይውረድ፡ ወይ ብተዘ ወዋሪ ይኹን'ምበር፡ ብዙሕ ብሰንኪ እዚ ይሳቐዩ እዮም። ንኣብነት ኣብ ክፍሎም ኮይኖም መውቃዕቲ፡ ዓውታን ድምጽን ምስ ዝሰምዑ። ወይ'ውን ብሰንኪ ድምጺ ኣብ መንጎ ወለዶም ገለ ጸገም ተፈጢሩ ከም ዘሎ ምስ ዝርደኦም።

ጎነጽ ንህጻናት ናይ ፍርሂ ክሊማ ይፈጥረሎም። ንባዕሎም ግዳይ ንኸይኮኑ ይፈርሁ፡ ወለዶም ብሰንኪ ጎነጽ ከይስእንዎም'ውን ይፈርሁ።
ነቲ ጎነጽ ክኾልፍዎ ስለዘይክእሉ ድማ ከም ዓቕሚ ኣልቦ ወይ ገበነኛታት ይወስድዋ ነብሶም። ብሰንኪ ናይ መጻምድቲ ጎነጽ ድማ ካብ ወለዶም እቲ ዝድለ ኣቓልቦ፡ ፍቕርን ክንክንን ኣይወሃቦምን እዩ። ወለዶም ኣብ ሓደ እዋን ክፋቐሩን ክጻልኡን ክርእዩ እንከለው ድማ ናይ ርድኢት ቅልውላው ይፈጥ ረሎም። ስለምንታይ ጎነጽ ኣብ መንጎ ወለዲ ስለም ንታይ ከምዝፍጠር ስለዘይርደኦም ድማ፡ ነብሶም ይወቕሱ ወይ ምድንጋራት ይፈጥረሎም።

ናይ መጻምዲ ጎነጽ ዝተመኮሩ ህጻናት፡ ምስ ዓበዩ ንባዕሎም ናይ ጎነጽ ባህርያት ወይ ከም ዓመጽቲ ወይ ድማ ከም ግዳይ ናይ ምዃን ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

ናይ ስድራቤት ጎነጽ ኣብ እዋን ህጻንነት፡ ምስ ዓበዩ ሳዕቤን ዝገድፍ በሰላ እዩ። ስለዚ ድማ ዓብዮም ዝምድና ምስ ዝጅምሩ ወይ ናይ ባዕሎም ስድራቤት ምስ ገበሩ ናይ ሕሉፍ ተመክሮ ክደግሙዎ ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ጎነጽ ተመሓላላፊ ሕማም ከይከውን፡ ክንክን ህጻናትን ጥዕና ዘለዎ ጽቡቕ ኣተዓባብያን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ!

## ኵናት፥ ስደትን ሕሉፍ በሰላን እንታይ ሳዕቤናት ኣብ ኣተዓባብያ ክፈጥሩ ይእኽሉ፧

ኩሉ ዓነይት ጎነጽ ካብ ስድራቤት ወጻኢ ብመልክዕ ኩናት ወይ ስደት ኪጋጥሙ ይኽእሉ። ዋላ‘ውን እዚኦም ዓይነት ጎነጻዊ ተመኩሮታት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ንሓደ ህጻን ኣብ ባህርያቱ ከበድቲ ሳዕቤናት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። በዚ መገዲ‘ውን ህጻናት ምስ ዓበዩ ጎነጽ ክጥቀሙ ይኽእሉ ወይ ድማ ግዳይ ናይ ጎነጽ ክኾኑ ይኽእሉ። ብክኢላታት ዓውዲን ብሜላዊ ኣተዓባብያን ሕሉፍ ተመኩሮ ጎነጽን ሕሉፍ በሰላን ክፍወሱ ይኽእሉ።



# 3. ጎነጽ ኣብ ኣተዓባብያ

ጎነጽ ከም ናይ መዕበዪ ሜላ ምስ ንጥቀም ኩሉ ግዜ ኣሉታዊ ሳዕቤን ስለዘኸትል ኣብ ጀርመን ብሕጊ ኩልኩል ምዃኑ ቅኑዕ እዩ።ንብሰንኪ ተመክሮ ጎነጽ፡ ህጻናት ኣካላዊን መንፈሳውን ሕማማት የኸትሉ፡ ኣብ ትምህርቲ ድኽመታት የርእዩ፡ ባዕሎም ጎነጽ የዘውትሩ ከምኡ ድማ ግዳይ ናይ ጎነጽ ይኾኑ።

ዋላ'ኳ ከቢድ ሳዕቤናት የኸትል እንተኾነ፡ ጎነጽ ብገለ ወለድን ኣለይትን ከም ግቡእ መዕበዪ ሜላ ቅቡል ዝገብርዎ ኣይሰኣኑን።

## ጎነጽ ሜላ ኣተዓባብያ ክኸውን ይኽእል'ዶ፧

**ህጻናት ብዓበይቲ ሰባት ቀጥቂጥካ ቀጣቂትካ ዝዕረ ተፈጥራዊ ሕማቕ ጠባይ ሒዞም ኣይኮኑን ዝውለዱ።**

ህጻናት በቲ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ሰብ ኣዝዮም ከም ዝጽለው ብስነፍልጠት ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። ዝበዝሕ እዋን ህጻናት ብትዕዝብትን ብምድጋምን እዮም ዝመሃሩ። ክብረትን ፍቕርን ጌርካ ምስ ተዕብዮም ንሶም'ውን ክብረትን ፍቕርን ንኻልኦት የርእዩ። ጎነጽን ብድንደናን ጌርና ምስ ነዕብዮም ድማ፡ ንሶም'ውን ጎነጽን ድንደናን እንዳኣማልኡ ይዓብዩ። ይኹንደኣ' ምበር፡ ዋላ'ውን ብፍቕሪ እንዳየዕበኻዮም ክብድሁ ዝኽእሉ ህጻናት (ንኣብነት ብዙሕ ዝበኽዩ ማማያት፡ ኣቕሑ ዝድርብዩ ህጻናት) ኣለው። ነዚ'ውን ዋላ'ኳ ኣብ መጀመርታ ክረኣየና እንተዘይከኣለ፡ ብቑዕ ምኽንያት ኣለዎም። ንኣብነት ናይ ስነየእምሮ ስንክልና ክኸውን ይኽእል። ከምዚ ምስ ዘጋጥም፡ ወለዲ ተቐላ ጢፎም ሓገዝ ክረኽቡ ይግባእ።

**ንኸተዕብይ መሰል ኣለካ ክበሃል እንከሎ፡ ህጻናት ንወለዲ ክግዝኡን ምእዙዛት ክኾኑን ማለት ኣይኮነን።**

ህጻናት ነብሶም ዝኽኣሉ ምሉኣት ሰባት እዮም እምበር ንብረት ወለዲ ኣይኮኑን። ምእዙዝ ምዃን ናይ ኣኽብሮት መለከዒ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ፍርሂ ዝመጸ'ውን ክኸውን ይእኽል እዩ። ዝምድና ኣብ መንጎ ወለድን ህጻንን ብናይ ሓይሊ ተመክሮን መላኽነትን ዝተደረኸ እንተኾይኑ፡ መብዝሕትኡ እዋን ነቲ ህጻን ዋጋ ዘይብሉ ገይሩ ነብሱ ከም ክቖጽራ የግብሮ። ሞራል ሓደ ህጻን ግና ኣብ ጥዑይ ዕብየት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።
ኣብ ህጻንነት ሓደ ህጻን ጎነጽ ምስ ዝሙከር፡ ወለዱ ክነጽጎም ዋላ`ውን ክሳብ ዝጸልኦም ኩነታት ክፈጥረሉ ይኽእል እዩ። ናብ ምንኣሱ ህጻናት ዘቕነዐ ሕርቃንን ቁጠዐን ድማ ከተግብር ይኽእል እዩ። ህጻናት ምስ ዓበዩ ወይ ኣካላቶም እኹል ሓይሊ ምስ ዝድልቡ፡ ንወለዶም ብጎነጽ ክገጥምዎም ወይ ካብ ወለዶም ክርሕቁ ይኽእሉ እዮም።

**ገለ ወለዲ ንባዕሎም ብናኣሽትኦም ጎነጽ ዝተመኮሩ ንነብሶም ወላሓንቲ ከም ዘይጎደኦም ዝምስክሩ ኣለው። እዚ ግና ንኻልኦት ህጻናት ጎነጽ ክትጥቀም ዝምስክር ምኽንያት ኣይኮነን።**

ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ህጻን ዓይነቱን ክብደቱን ብዘየ ገድስ፡ በሰላ ዝገድፍ ነገር እዩ። ግጭት ምስ ህጻናት ንምፍታሕ ወይ ህጻናት ዶባቶም ንምርኣይ ጎነጽ ከም ሜላ ኣድላይነት ኣለዎ።
ግጭትን ባእስን ብወለዲ ብመገዲ ጎነጽ ምስ ዝፍታሕ፡ ህጻናት መብዝሕትኡ እዋን ተመሳሳሊ ባህርያት ይወርሱ። ንሓደ ህጻን ጎነጽ ከይተጠቐምካ ብኸመይ ዶባቶም ተርእዮም ከምኡ ድማ ተሐይሎም ዝምህሩ ኮርሳትን ቤት ምኽርን እውን ኣለው።

## ልዕሊ ዓቕመይን ዝገብሮ ምስ ዝጠፍኣንን እንታይ ክገብር ይኽእል፧

ናይ ጭንቀት ኩነታት ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ህጻናትን ትሕተዕድመ መናእሰያትን ከበርክት ይኽእል እዩ። ንኣብነት ወለዲ ብሰንኪ ሽቕለት ኣልቦነት፡ ዘይውሑስ መንበሪ ፍቓድ፡ ናይ ገዛ ጸበት፡ ሕሉፍ ጭንቀት ሃገር ወይ ስደት፡ ናይ መጻምዲ ግጭት ወዘተ ተጽዕ ኖታት ምስ ዘጋጥሞም ዝበዝሕ እዋን ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ይኸውን። ነብሶም ናይ ምቁጽጻር ብቕዓቶም እንዳተፈለጦም ይስእኑ። ብሰንኪ እዚ ድማ ብዘይ ድሌቶም ወይ ምኽንያቱ ከይተረደኦም ወስ ዝብሉ ብዙሕ ግዜ የጋጥም እዩ። ልዕሊ ዓቕሚ ወይ ዓቕሊ ጸበት ዘጋጥም፡ ንኣብነት ጽዑቕ ክንክን ዘድልዮ ስንክልና ዘለዎ ህጻን ንወለዲ ሓደ ሓደ እዋን ክሳብ መጨረሽታ ሓይሎምን ዓቕሞምን ከብጽሖም ይኽእል እዩ።

ብመሰረቱ ነቲ ስዒቡ ዝመጽእ ናይ ግጭት ኩነታት ሓሲብካሉ ምጽናሕ ሓጋዚ እዩ። ብዘይ ጎነጽ ከመይ ገይረ ግብረ መልሲ ክህብ ይኽእል? ከም ጠቓሚ ነጥቢ ክጥቀስ ዝኽእል፡ ኣብ እዋን ግጭት ክፍሊ ገዲፍካዮ ምኻድን ካብ ዓሰርተ ክሳብ ዕስራ ግዜ ድማ ኣጸቢቕካ ምስትንፋስን ሓጋዚ እዩ። ከቢድ ተጽዕኖ ዘለዎ ጉዳይ ወይ ዓቢ ናይ ስድራቤት ምትፍናን ምስ ዘጋጥም ግና ብዝበለጸ ናብ ኣማኸርቲ ክኢላታት፡ ሕጋውያን ናይ ሓገዝ ቀረባትን ኣገልግ ሎትን ወይ ድማ ካብ መሓዙትን ቤተሰብን ሓገዝ ምርካብ ዝበለጸ እዩ።

## ህጻናት ብኸመይ ብኣተዓባብያ ከሐይሎም ይኽእል፧

ከም ወለዲ መጠን ጥዑይ ምዕባለ ውላኩም ክትሃንጹ ፍቕሪ ዝዓሰሎ ጥቡቕ ርክብ ከተማዕብሉ ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ንምትግባር፡ ህጻን ምምዃስ፡ ምብርታዕ፡ ብተገዳስነት ምስማዕ፡ ምእባድ፡ ኣብ ሕቑፎ ምግባር፡ ኣብ እዋን ባእሲን ግጭትን ነቲ ህጻን ዘይምቅላል ዝኣመሰሉ ገለ ክጥቀሱ ይከኣሉ።

## ድሕሪ ምምዝባልን ስደትን ብዛዕባ ኣተዓባብያ ህጻን ክፈልጠም ዘለኒ እንታይ ኣለው፧

ስደት ናብ ካልእ ሃገር ንሓንቲ ስድራቤት ኣብ ኣተዓ ባብያ ውላዶም ጠንቂ ዘለዎ ፍሉይ ጸቕጢ ክፈጥ ረሎም ይኽእል እዩ። ብዙሕ እዋን ናይ ምክፍፋል ስድራቤት ዝፈጥር ኩነታት ገለ ኣብ ሃገር ክተርፉ እንከለው ገለ ኣብ መንገዲ ዝፍለዩ ኩነታት ስለዝ ፍጠር ስዒቡ ዝግበር ናይ ስድራቤት ምትእኽኻብ ብግጭታት ዝተዓብለለ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ኣታዓባብያ ዕዮታትን ሓላፍነትን ኣብታ ስድራቤት ከምብሓድሽ ክትግበርን ክመቓራሕን ስለዘለዎ። ከም ኣብነት ዕድመ ዘፍቅዶ ምክትታል ህጻውንቲ ክጥቀስ ይከኣል።

እቲ ናይ ብሕቲ ምንዮት ስድራቤት፡ ህጻናትን ኣተዓ ባብያን ብናይ ሕብረተሰብ፡ ባህሊ ሃይማኖትን ውልቃዊ ተመክሮ ንእስነትን ዝተቐየደ እዩ። ካብ ሓደ ሃገር ናብ ካልእ ክትስደድ እንከለኻ ግና እቶም ድሌታት ምስቲ ናይታ ሓዳስ ሃገር ድሌታትን ሕግን ስርዓትን ኩሉ ግዜ ዝቃዶ ከይከውን ይኽእል እዩ። ኣብ መንጎ እቲ ሒዞሞ ዝመጹን ኣብ ውሽጢ እታ ስድራቤት ዝትግበር ባህልን ክብርን ኣተዓባብያን ኣብ መንጎ ካብ ስድራቤት ወጻኢ ዘሎን ምፍሕፋሕ ክፍጠር ይኽእል እዩ። ህጻናት ከም ኣብነት ኣብ መዋእለ-ህጻናት፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ሞያዊ ስልጠና ነቶም ሓደስቲ ኣገባብን ድሌታትን ክሰጥምዎ ኣለዎም። ኣብ ሓደ ሓዲሽ ሂወት ክለምዱ ግና

ይቐሎም። ህጻናት ካብ ወለዶም ንላዕሊ ቋንቋ ጥራይ ዘይኮነ ክብርታትን መምርሒታትን ናይቲ ተቐባሊ ሕብረተሰብ ካብ ወለዶም ንላዕሊ ቀልጢፎም ይመልክዎ።

ወለዲ ነቲ ካብ ዓዶም ዘምጽእዎ ልምድታትን መምር ሒታትን ጥራይ ብዘይ ኣዋላውል ምስ ዝሕዙ ከምኡ ድማ ነቲ ሓድሽ ባህልን ልምዲን ናይታ ዝነብሩላ ሃገር ክይተላለዩ ምስ ዝኸዱ፡ ናብ ግጭትን ናብ ቀጻሊ ተጽዕኖታትን ናይቲ ስድራቤት ከምርሕ ይኽእል። ብፍላይ ድማ ህጻናት ኣብ ውሽጢ ገዛኦምን ኣብ ደገን ክልተ ተገራጫዊ ኣገባባት ክመርጹ ምስ ዝግደዱ ከጋጥም ዝኽእል እዩ። ስለዚ ኣብ ክልተ ዝተፈላለየ ባህላዊ ፍልልያት ዝነብሩ ህጻናት፡ ሚዛናዊ ዝኾነ ናይ ሓባር ሮቛሒ ከናድዩን ኣብ ክልቲኡ ቦታ ጥጡሕ ባይታ ክንጽፉን ዝግደዱ።

ስለዚ ወለዲ ብዝተኻእለ መጠን ደቆም ኣብ ደገ ዝሳተፍዎ ንጥፈታትን ዝውዕልዎን ፈቲሾም ሚዛናዊ ሂወት ከስተማቕሩ ከተባብዕዎም ይግባእ። ልክዕ’ዩ ዝኾነት ስድራቤት ካብ ዓዳ ሒዛቶ ዝመጸት ባህልን ልምድን ወይ ሕማቕ ወይ ጽቡቕ ኢልካ ዝኽፈል ኣይኮነን። ኣብታ ሓዳስ ሃገር ዘሎ’ውን ከምኡ። ሚዛናዊ ዝኾነ ምዝናቕ ንምግባር ዝርርብ ምስ ኣለይቲ፡ መምሃራን፡ ኣብ መዋእለ-ህጻናት፡ ቤት ትምህርቲን ናይ መሰልጠኒ ማዕከንን ምግባር ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

እዚ ዝርርብ ብኣባላት መዋእለ-ህጻናት፡ ቤት ትምህ ርቲን ናይ ሞያ ማዕከናትን ግምት ዘወሃቦ ኮይኑ ቀጻሊ ዝኾነ ሓባራዊ ስራሕ ኣብ ኣተዓባያ ድማ ምትብባዕ ዝገብሩሉ መስርሕ እዩ። ብዙሕ ዝርርብ ምስ ዝዝውተር፡ ኣብ ሓባራዊ ሽቶታት ክስራሕ ስለዝ ከኣል ቁጠዐ፡ ንዕቀትን ድኽመታትን ቦታ ኣይረ ኽቡን። በንጻሩ’ኳ ደኣ ጥዑያት፡ ሕጉሳት፡ ሓያላትን ዕዉታትን ህጻናትን ትሕተ-ዕድመ መናእሰያትን ቦቒሎም ስድራቤቶም ዘሐብንን ዘቕስኑን ይኾኑ። በዚ ኣገባብ ወለዲ ንደቆም ጽቡቕ ገይሮም ስለዝርድእዎም ሓያላትን ብቑዓትን ወለዲ ኮይኖም ደቆም ከዕብዩ ይኽእሉ።

# 4. ክንክን ህጻናት ኣብ ጀርመን

ኣብ ዕለታዊ መነባብሮና ዘሎ ሓባራዊ ሂወት ስድራቤት ጸገማት ከጋጥሙ ግድን እዩ። እቶም ግጭት ወይ ጎነጻት ምስ ዝበዝሑ ወይ እታ ስድራቤት ብሰንኪ ኩነታት ተጽዕኖ ምስ ዝበዝሓ ግና ሓገዝ ናይ ክኢላታት ኣተዓባብያ ከተናዲ ዝምረጽ እዩ። ነዚ ድማ ኣብ ጀርመን ብዙሓት ዝተፈላለዩ ዝተፈላለዩ ቀረባት ኣለው። ነዞም ቀረባት ምጥቃም ድማ ኣብ ናይ ዑቕባ ኩነታት እታ ስድራቤት ኮነ ኣብ ናይ መንበሪ ወረቐት ጉዳይ ወላሓንቲ ኣሉታዊ ሳዕቤናት የብሉን።

## ሓገዝ ኣበይ ክረኽብ ይኽእል፧

### ናይ ምኽሪ ቀረባት

ምኽሪ ከበሃል እንከሎ እታ ስድራቤት ብዛዕባ ጉዳያ ወይ ብዛዕባ ዘጋጥም ኩነታት ምስ ክኢላታት ምምይያጥ ማለት እዩ። ብሓባር ድማ ፍታሕ ወይ ምምሕያሻት ኣብ ምርካብ ይናድዩ። እቲ መስርሕ ድማ ብኣካል፡ ብተሌፎን፡ ብኢመይል ወይ ብቻት ክግበር ይከኣል።

ኣብ ጀርመን ብጠቕላላ ልዕሊ ነሽሕ ዝኸውን ናይ ምኽሪ ቀረባት ንስድራቤትን ኣተዓባብያን ዝምልከት ኣሎ። ገለ ካብዚኦቶም ድማ ኣብ ዓውዲ ስደተኛታት ስድራቤት ዘተኮሩ እዮም። እቲ ዝወሃብ ምኽሪ ብነጻ እዩ። ዋላ'ውን ግጭት ምስ በዓል ቃልኪዳን ወይ'ውን ካልኦት ናይ ስድራቤት ተጽዕኖታት ዝምልከት ናይ ክኢላታት ምኽሪ ኣሎ።

እቶም ክኢላታት ኣማኸርቲ ምስ ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ጉዳይኩም ከይዛረቡ ብሕጊ ይቕየዱ እዮም። ስለዚ ኩሉ ኣብ እዋን ምኽሪ ዝተዘርበ ወይ ብኢመይል ወይ ቻት ዝተጸሓሓፍኩሞ ንኻልእ ኣካል ከመሓ ላልፉ ኣይክእሉን። ሓደ ሓለፋ ዝግበር፡ እንተደኣ እቲ ኣማኻሪ ክኢላ ከቢድ ሓደጋ ኣብ ልዕሊ እቲ ምኽሪ ዝደሊ ክወርዶ ይኽእል እዩ ዝብል ግምት የሕዲሩ፡ ወይ ድማ ናይ ህጻን ኩነታት ኣብ ሓደጋ ምስ ዝኣቱ ጥራይ እዩ ንዝምልከቶ ኣካል ክሕብር ዝግደድ። ርግጸኛታት እንተዘይኮንኩም፡ ቅድሚ ዝርርብ ምጅማርኩም ኣየናይ ኣርእስቲ እቶም ኣማኸርቲ ከመሓላልፉ ዝኽእሉ ኣቐዲምኩም ሕተትዎም። ከም ኣማራጺ ድማ ብዕቡጥ ስም መንነት ከየፍለጥካ ዝግበር ኣገልግሎት ምኽሪ እውን ኣሎ።

### ናይ ህጻናት ሓኪም

ዘሰክፈኩም ወይ ዝረኣየኩም ነገራት ኣብ ምዕባለ ወይ ኣብ ባህርያት ውላድኩም ምስ ምስ ዝህሉ ናይ ህጻን ሓኪምኩም ምኽሪ ክትህበኩም ወይ ክህበኩም ክትሓቱ ይከኣል።

ንኣብነት፡ ማማይ ብዘይ ምቁራጽ ምስ ዝበኪ፡ ቆልዓ ምዝራብ ምስ ዝኣብዮ፡ ህጻን ብዙሕ ቁጥዐን ነድርን ምስ ዘረኢ ወይ ስንክልና ምስ ዝህልዎም።

### ኣስተምህሮ ብዛዕባ ጎነጽ ኣልቦ ኣተዓባብያ

ወለዲ ብኸመይ ብዘይ ጎነጽ ደቆም ከብዕብዩ ከም ዝኽእሉ ዝምህር ኮርሳት ኣብ ብዙሓት ቦታታት ይካየድ እዩ። ኣብዞም ኮርሳት ሓበሬታ ብዛዕባ ምዕባሌን ድሌታት ህጻውንትን ይወሃብ። ምጡን ዝኾነ ግብረመልሲ ኣብ ከበድቲ ኩነታት ከምኡ'ውን ግጭት ብኸመይ ብዘይ ጎነጽ ትፈትሖም የርእዩ፡ ጎኒ ጎኑ ድማ ምስ ካልኦት ወለዲ ተመክሮታት ኣብ ምልውዋጥ ይሕግዝ። ገለ ኮርሳት ድማ ብፍሉይ ንስደተኛታት ወለዲ ዝዓለሙ ኣለው።

## ናይ ስነየእምሮ ተራፒ

ስድራቤት ከቢድ ናይ ስነየእምሮ ተጽዕኖ ወሪድዎም ናይ ስነየእምሮ ቴራፒ ሕግምና ከገብሩ ይኽእሉ እዮም። ገለ ምኽንያት ነዚ ክኾኑ ዝኽእሉ፡ ወለዲ ናይ ባዕሎም ሕማቕ ተመክሮ ንእስነት ምስ ዝህልዎም፡ ናይ ጎነጽን ኲናትን ሕሉፍ ተመክሮ፡ ከቢድ ሓዘን ከምኡ ድማ ተስፋ ምቑራጽ ወይ መስተ ብጾዕቂ ምዝውታር፡ መድሃኒትን ዕጾፋርስን እዮም። ነዚ ዓይነት ተራፒ ብሓኪምኩም ክትስደዱ ትኽእሉ ወጻኢታት ድማ እቲ ናይ መድሕን (ኢንሹራንስ) ትካልኩም እዩ ዝኸፍሎ። ኣብ ተራፒ ብኸመይ ንዘጋጥመ ተጽዕናዊ ኩነታት፡ ስምዒታትን ሓሳባትን ትጸወርዎ፡ ሂወትኩም ተመሓይሹ ደቅኹም ብዘይ ጸገም ከተዕብዩ፡ ክትመሃሩ ትኽእሉ።

## ኣብ እዋን ሓደጋ ሓገዝ ምድላይ

ከቢድ ሓደጋ ምስ ዘጋጥም 110 ብዘይ ክፍሊት ደዊልኩም (ዋላ'ውን ህጻን ይኹን) ፖሊስ ክትጽውዑ ይከኣል። ፖሊስ ድማ ብህጹጽ መጺኦም ክሕግዙ ብሕጊ ይግደዱ እዮም።

ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዘጋጠመ ጎነጽ ምስ ዝኸውን ፖሊስ ነቲ በዳሊ ክሳብ 14 መዓልቲ ካብቲ ሓባራዊ ገዛ ክእለ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። ፖሊስ ክሳብ እቲ ምልቃቅ ካብቲ ገዛ ዝትግበር፡ ንግዚኡ ንሃራሚ ክኣስርዎ'ውን ይኽእሉ።

ብመሰረት መጽሓፍ ሕገ-ገበን እቲ በዳሊ ገበን ምስ ዝገበር፡ ፖሊስ ባዕሉ ክሲ ክቕርበሉ ይኽእል።

## ናይ ህጻናትን ትሕተ-ዕድመ መናእሰያትን ሓገዝ እንታይ ዓይነት ድጋፍ ይህብ፧

ወለዲ ኣብ እዋን ተጽዕኖ ናይ ኣተዓባብያን ምእላይ ደቆምን ሕገዝ ንምግባርን ጽቡቕ ምዕባለ ደቆም ንምውሓስን ተባሂሉ ብሕጊ ዝተቐየደ ናይ ሓገዝ ቀረባት ኣለው። እዞም ”ሓገዛት ንኣተዓባብያ” ዝብሉ ኣብ መጽሓፍ ሕገ-ማሕበራዊ ጉዳያት ናይ ህጻናትን ትሕተ ዕድመ ሓገዝ ሰፊሮም ንረኽቦም (SGB VIII)። ወለዲ ደቆም ኣብ ምዕባይ ሓገዝ የድልየኒ እዩ ዝብሉ እንተ ደኣ ኮይኖም፡ ኣብ ዩገንድ ኣምት (ናይ ትሕተ-ዕድመ ሓገዝ ቤት ጽሕፈት) ሓገዝ ናይ ኣተዓባብያ ክግበረሎም ክጠልቡ ይኽእሉ እዮም።

markieren: Sozialgesetzbuch

እቲ ናይ ሓገዝ ቀረባት ብዓይነቱን ስፍሓቱን ዝተፈላለየ ኮይኑ ከከም ኣድላይነቱ ንነፍስወከፍ ስድራቤትን ህጻናትን ክወሃብ ዝኽእል እዩ። ከም ኣብነት ነቶም ህጻናት ኣብ ናይ ማሕበራዊ ኣስተምህሮ በብጉጅለ ክሰድዎም ይኽእሉ። ወይ ድማ ንመላእ ስድራቤት ብናይ ማሕበራዊ ኣስተምህሮ ክኢላታት ኣብ ሰሙን ብተደጋጋሚ ናብ ገዛ እታ ስድራ እንዳ መጹ ኣፍልጦ ከመሓላልፉ ይኽእሉ። እቶም ክኢላታት ኣብ ኣተዓባብያ መዓልታዊ መነባብሮ፡ ግጭት ኣብ ምፍትሖም ወይ ድማ ምስ መንግስታውያን ትካላትን ቤት ጽሕፈታትን ርክባት ኣብ ምፍጣር ሓገዝ ከበርክቱ ይኽእሉ።

ሓገዝ የድሊ እንተኾይኑ ኣየናይ ሓገዝ ንዝብሉ ሕቶታት ንምፍላጥ መጀመርያ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ናይ ስድራቤትን ናይቲ ህጻንን ዘድልዩ መፍትሒ ጸገማት ዝብሉ ነገራት ምስቶም ክኢላታት ኣቐዲምካ ምምይያጥ የድሊ። እዚ ናይ ምኽሪ ዝርርብ ብዩገንድ ኣምት ዝተማእከለ ኮይኑ ቆጸራታት ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ድባ ብመልክዕ ውዕል ይፍረሙ። መብዛሕትኡ ግዜ እቶም ዝምልከቶም ኣካል „Allgemeiner Sozialer Dienst“ (ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት” ተባሂሎም እዮም ዝጽውዑ) ወይ ድማ „Kommunaler Sozialer Dienst“ (ናይ ክልላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት) ተባሂሎም ይጽውዑ። ክሳብ ከቢድ ሓደጋ ክሳብ ዘየጋጠመ፡ እቶም ሰራሕተኛታት እቲ ትካል

ብሰንኪ ዝርርብ ነቶም ህጻናት ክወስድዎም ብቕዓት የብሎምን።

## ዩገንድ ኣምት መዓስ እዩ ኣብ መንጎ ወለዲ ክኣቱ ዝኽእል፧

መንግስቲ ብመሰረት ቅዋም (ዓንቀጽ 6 እዝባር 2 ጽሑፍ 1) ከምኡ ድማ ብመሰረት መጽሓፍ ህዝባዊ ሕጊ (ዓንቀጽ 1666) ብሰራሕተኛታት ናይ ዩገድ ኣምት ወይ ናይ ስድራቤት ቤት ፍርዲ ንወለዲ ከገድ ድዎም ዝኽእሉ፡ እንተደኣ ኩነታት ናይ ህጻን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ኣትዩ ወለዲ ድማ ነዚ ሓደጋ ክኣልይዎ ዘይክእሉ ወይ ዘይደልዩ ምስ ዝኾኑ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ነገራት ብመሰረት መጽሓፍ ህዝባዊ ሕጊ (ዓንቀጽ 1666 DGB) ክረኣዩ ይክእሉ፡


- ህዝባዊ ሓገዛት ንኣብነት ናይ ህጻናትን ትሕተ ዕድመ መናእሰያትን ክፍሊት፡ ናይ ስድራቤት ሓገዝ ወይ ናይ ጥዕና ክንክን (ንኣብነት ናይ ክንክን መርመራ) ክወሃቡ ይኽእሉ።
- ዝኾነ ውላድ ነፍስወከፍ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ (ብዘይካ ኣብ እዋን ሕማም) ኣብ ትምህርቱ ክርከብ ወለዲ ሓላፍነት ክወስዱ ይግባእ (ናይ ትምህርቲ ግዴትነት ምኽባር)


"ዑቕባ ንህጻን" ማለት ንሓደ ህጻን ካብ ስራቤቱ ወጺኡ ከዑቆብ ሳሕቲ ዘጋጥም ኩነታት እዩ። ርክብ ምስ ወለዲ ንሓደ ህጻን ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነኣ፡ እቲ ዝዓበየ ጻዕሪ ናይ ዩገንድኣምት ክኢላታት፡ ብዝተ ፈላለዩ ናይ ሓገዝ ቀረባት ንወለዲ፡ ህጻን ካብ ቤቱ ንኸይፍለ ጻዕርታት ምግባር እዩ።

ጣልቃ ናይ ዩገንድ ኣምት ብሕጊ ዓይኒ ክረአይ እንከሎ ምስ ናይ ገበን ሕጊ ዝተሓሓዝ የብሉን። ዩገንድ ኣምት ናይ ገበን ክሲ ኣብ ልዕሊ ወለዲ ክትም ስርት ግዴትነት የብላን። ቀዳምነት ትሰርዖ ግና ምቹእነት ናይ ህጻን እዩ።

# መዝገበ ቃላት

| | |
|---|---|
| **መጽሓፍ ህዝባዊ ሕጊ** (BGB) | ሓፈሻዊ ውልቃዊ መሰላት ወይ ናይ ሕጊ ዝምድና ኣብ መንጎ ውልቃውያን ሰባት ዝሓዘለ ሕጊ ጀርመን እዩ። ትሕዝቶ ናይዚ ሕጊ ከም ናይ ስድራቤት ሕጊ ምስናይ ሕጋዊ መሰላት ናይ ቃል ኪዳን ከምኡ'ውን ፍትሕ ወይ ውን ናይ ወለዲ ሕጋዊ ሓላፍነት ዝኣመሰሉ የጠቓልል። ኩሉ ትሕዝቶ ናይዚ ሕጊ ኣብ ኢንተርነት ኣብዚ ትረኽብዎ፡<br>www.gesetze-im-internet.de/bgb (auf Deutsch)<br>www.gesetze-im-internet.de/englisch_bgb/index.html (auf Englisch) |
| **መሰረታዊ ቅዋም** (GG) | ቅዋም ናይ ሃገረ ጀርመን እቲ ቀንዲ መንግስታዊ መስርሕን ከብርታት እታ ሃገርን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ልዕሊ ኩሉ ናይ ጀርመን ሕግታት ዝነገሰ እዩ። መላእ ቅዋም ጀርመን ኣብ ኢንተርነት www.bundestag.de/grundgesetz ኣቲኻ ክርከብ ይከኣል። ብቋንቋታት ዓረብ፡ ቻይና፡ ኢንግሊዝ፡ ፈረንሰኛ፡ ጥልያን፡ ፐርሽያን፡ ፖላንድ፡ ሩስያ፡ ሰርቢያ፡ ስጳኛን ቱርኪን ድማ ንኣ ብነት ኣብዚ ትረኽቡ፡<br>www.spd.de/standpunkte/alte-unterseiten/fuer-unser-land-menschlich-und-weltoffen/grundgesetz-in-elf-sprachen |
| **መጽሓፍ ማሕበራዊ ሕጊ** (SGB) | ኣብ ጀርመን ዝበቅዕ ማሕበራዊ ሕጊ ዝሓዘለ ኮይኑ፡ ነቶም ዓቕሚ ዝጎደሎም ነበርቲ፡ መታን ሰብኣዊ መነባብሮ ክወሓስ መንግስታዊ ሓገዝን ናይ ድጋፍ ኣገልግሎትን ዝቕይድ ሕጊ እዩ። ንኣብነት ኣብ ናይ ህጻናትን ትሕተ-ዕድመ መናእሰያትን ዝምልከት፡ ናይ ስራሕ ምትብባዕ ወይ ማሕበራዊ ሓገዝ ክጥቀሱ ይኽእሉ። |
| **መጽሓፍ ሕገ-ገበናት** (StGB) | እዚ ሕጊ ኣብ ጀርመን ከብ ገበን ዝጥቀሱ ነገራቶምን መቕጻዕትኦምን የጠቓልል። መላእ ትሕዝቶ ናይ መጽሓፍ ሕገ-ገበናት ኣብዚ ትረኽብዎ፡<br>www.gesetze-im-internet.de/stgb/index.html (auf Deutsch)<br>www.gesetze-im-internet.de/englisch_stgb/index.html (auf Englisch). |





# ምሩጻት ኣድራሻታትን ናይ ሓገዝ ቐረባትን

**ምሩጻት ኣድራሻታትን ናይ ሓገዝ ቐረባትን**

**Bundeskonferenz für Erziehungsberatung e. V.**
www.bke.de

ኣብዚ ዝተፈላለያ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎታት ብዛዕባ ኣተዓባብያን ስድራቤትን ብቐጥታ ክትረኽብ ትኽእሉ። ስደተኛታት ስድራቤት ድማ ብቛንቛ ኣደ ዝርከቦም ናይ ምኽሪ ቐረባት ክረኽቡ ይኽእሉ።

**Deutsche Arbeitsgemeinschaft für Jugend- und Eheberatung e. V.**
www.dajeb.de/beratungsfuehrer-online/beratung-in-ihrer-naehe/

ኣብዚ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ብቐጥታ ከምኡ'ውን ብተሌፎን ወይ ኦንላይን ምኽሪ ክርከቡ ይኽእሉ። ንኣብነት ኣብ እዋን ምፍልላይ፡ ፍትሕ ወይ ግዳይ ናይ ዝኾነ ጎነጽ ምስ ዘጋጥም።

**Elterntelefon**
www.nummergegenkummer.de/elterntelefon.html
ተሌ: 0800 1110550
ሰኑይ – ዓርቢ፡ 9.00 – 5.00 ድ.ቀ
ሰሉስን ሓሙስን ተወሳኺ ክሳብ 7.00 ድ.ቀ

ዘይግሉጽ ምኽሪ ብተሌፎን ብቛንቛ ጀርመን ንወለዲ፡ ንኩሉ ሕቶታትን ሻቕሎትን ብዛዕባ ኣተዓባብያን ስድራቤትን ዝምልከቱ። ምኽሪ ብኣከል ከግበር'ውን ተኽእሎ ኣሎ።

**Kinder und- Jugendtelefon**
www.nummergegenkummer.de/kinder-und-jugendtelefon.html
ተሌ፡ 116111
ሰኑይ – ቀዳም 2.00 – 8.00 ድ.ቀ

ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ንህጻናትን መናእሰያት ትሕተ ዕድመን ብቛንቛ ጀርመን፡ ንኹሉ ውልቃዊ ሕቶታትን ሻቕሎትን ዝምልከት። ብቐጥታ ብኣካል ምኽሪ ምሃብ ይከኣል።

**Elternsein Info**
www.elternsein.info

ድጋፍን ምኽርን ንጥኑሳት ኣዴታትን ንክሳብ 3 ዓመት ህጻን ዘለዎም ወለድን

**Online-Beratung für Eltern durch die Bundeskonferenz für Erziehungsberatung**
https://eltern.bke-beratung.de/views/home/index.html

ዘይግሉጽ ናይ ኦንላይን ምኽሪ ብቛንቛ ጀርመን ብዛዕባ ኣተዓባብያ፡ ስድራቤታዊ ሂወት፡ መዋእለ ህጻናት፡ ቤት ትምህርቲ፡ መናእሰያት ኣብ እዋን ጉብዝና።

**Online-Beratung der Caritas für Eltern und Familien**
www.caritas.de/hilfeundberatung/onlineberatung/eltern-familie/start

ነጻ ክፍሊትን ዘይቅሉዕ ናይ ኦንላይን ምኽሪ ብቛንቛ ጀርመን ብዛዕባ ኣተዓባብያ፡ ስድራቤታዊ ሂወት፡ መዋእለ ህጻናት፡ ቤት ትምህርቲን መናእሰያት ኣብ እዋን ጉብዝና ዝምልከት

**Eltern-Informationsbriefe zu Erziehungsthemen**
www.ane.de/download

ደብዳቤታት ማሕበር "ናይ ዕዮ ዓንኬል ንሓድሽ ኣተዓባብያ" ዝብሃሉ ጠቓምቲ ሓበሬታ ንኣተዓባብያ፡ ከከም ዕድመ ህጻን ይልግሱ። ነጻ ክፍሊት ምጥላብን ካብ ኢንተርነት ምውራድን ብቋንቋ ቱርኪን ካልኦት ቋንቋታትን ይከኣል።

**Eltern-Informationsfilme zum deutschen Bildungssystem**
www.ane.de/elternfilme

ሓጸርቲ ፊልምታት ናይ ማሕበር "ናይ ዕዮ ዓንኬል ንሓድሽ ኣተዓባብያ" ንከሳብ 10 ዓመት ህጻናት ዘለውዎም ወለዲ ብዛዕባ ናይ ጀርመን መስርሕ ትምህርቲ ብቋንቋ ዓርብ፡ ጀርመን፡ ኢንግሊዝ፡ ፈረንሰኛ፡ ስጳኛን ቱርክን ይሕብሩ።

**Eltern-Informationsfilme zu Erziehungssituationen**
vimeo.com/channels/fmdvids/222248624

እቶም ሓጸርቲ ፊልምታት ናይ ትካል „International Rescue Committee" ብዛዕባ ዝውቱራት ከበድቲ ናይ ኣተዓባብያ ኩነታት ዝሕብሩን ክግበሩ ዘለዎም ሓበሬታን ይርከቦም።
ቋንቋ፡ ትግርኛ

## Eltern-Kurse

### ሓበሬታን ቪድዮን ናስተምህሮ ወለዲ ኣብ ጀርመን ኣብዚ ትረኽቡ
https://elternkurse.com

**Kurs „Starke Eltern – Starke Kinder"**
ናይ ጀርመን ማሕበር ውሕስነት ህጻናት ዝርከብ ቐረባት ኣብዚ ትረኽቡ፡
www.sesk.de/CONTENT/vorort.aspx

**Kurs „Kess erziehen" für zugewanderte Eltern**
ቐረባት ናይ Kess-erziehen-Institut ንውልቀሰባት ብፐዳጎጂ (AKF)፡
www.kess-erziehen.de/elternkurse-kess/migration

## ሓገዝ ንወለዲ ስንክልና ዘለዎም ህጻናት

**መጻሕፍቲ „Mein Kind ist behindert – diese Hilfen gibt es"**
እዞም መጻሕፍቲ ናይ ሃገራዊ ማሕበር ኣካላዊን ተደራራቢ ስንክልና ዘለዎም ደቂሰባት (Bundesverbandes für körper- und mehrfachbehinderte Menschen e.V.) ኣብ ጀርመን ስንክልና ዘለዎም ሰባት ዝግበረሎም ገንዘባዊ ሓገዝ ሓበሬታ ይርከቦም። ካብ ኢንተርነት ድማ ብቋንቋ ጀርመን፡ ቱርኪ፡ ሩስያ፡ ዓርበን ቬትናምን ክወርድ ይከኣል፡
https://bvkm.de/ratgeber/mein-kind-ist-behindert-diese-hilfen-gibt-es-in-mehreren-sprachen

**መጽሓፍ „Das deutsche Betreuungsrecht"**
ኢንስቲቱት ተዛናቒ ባህላዊ ኣላይነት (Institut für transkulturelle Betreuung e.V.) ብዙሓት ዝተፈላለዩ ጽሑፍት ሓበሬታ ብቋንቋ ዓረብ፡ እንግሊዝ፡ ፈረንሰኛ፡ ግሪኽ፡ ጥልያን፡ ፖላንድ፡ ሩስያዊት፡ ሰርቢያ ክሮኤሽያ ቦዝንያ፡ ስጳኛን ቱርክን ትረኽቡ። ብጥላብን ምውራድን ካብ ኢንተርነት ኣብዚ ትረኽቡ፡
https://itb-ev.de/broschueren

# ጎነጽ ኣልቦ ኣተዓባብያን መሰላት ህጻናትን ኣብ ጀርመን።

## ናይ ምኽሪ ማዕከን ንህጻናት ዘዕብዩ ስደተኛታት

እዚ ናይ ምኽሪ ማዕከን ሓበሬታ ብዛዕባ ኩሉ ገነጽ ኣልቦ ኣተዓባብያን መሰላት ህጻናትን ኣብ ጀርመን ዝሓዘለ እዩ። በዚ ጽሑፍ ጌርና ድማ ንህጻናት ዘዕብዩ ስደተኛታትን ሓደስቲ ተቐማጦን ክንረኽቦም ንደሊ።

ነዚ ዝምልከት እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ነኣንግድ፡

- ዓይነታትን ሳዕቤናትን ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ህጻናት
- ካብ ህጻን ናብ ጎብዝና ዝሳጋገርሉ መድረኽ ምዕባሌታት
- መስመር ምዕባለ ዘደንፍዕ ኣተዓባብያ
- ኣድራሻን ናይ ሓገዝ ቐረብን ንወለዲን ህጻናት ዘዕብዩን

እዚ ምኽሪ ኣብ ዓንኬል ሃገራዊ ፕሮጀክት „MiMi-Gewaltprävention mit Migrantinnen für Migrantinnen“ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝተሞርኮሰ እዩ። ብካልኦት ቋንቋታት ከም ዓረብ፡ ቡልጋርያ፡ ዳሪ፡ ጀርመን፡ እንግሊዝ፡ ፋርሲ፡ ፈረንሰኛ፡ ኩርዲ፡ ፓሽቶ፡ ፖላንድ፡ ሩስያ፡ ሰርብያ-ክሮኤሻ-ኣልባንያ፡ ስጳኛን ቱርኪን ይርከቦም። ነዚ ንምጥላብ ኣብ መርበብ ኢንተርነት www.mimi-gegen-gewalt.de ከምኡ ድማ www.mimi-bestellportal.de ይከኣል።


Gefördert durch:

Die Beauftragte der Bundesregierung für Migration, Flüchtlinge und Integration

Ethno-Medizinisches Zentrum e.V.

DHBW Duale Hochschule Baden-Württemberg Villingen-Schwenningen

AJC Berlin Ramer Institute

Landkreis Marburg Biedenkopf

ANKOMMEN Netzwerk für Geflüchtete

Sächsische Landesvereinigung für Gesundheitsförderung

Kreis Gütersloh weltgewandt & bodenständig

Stadt Kaiserslautern

AWO Interkulturell Vielfalt verbindet!


Dieser Ratgeber wurde überreicht durch: